# ብአስገዳድ ዝግበር ምፍንቃል ዓድታት ውጽኢቱ
# ጽልእን ጥፍኣትን ስለዝኾነ ጠጠው ክብል አለዎ፤

አብ ሃገርና ኤርትራ አብ ዝተፋላለየ ዓመታት አብ ገለ ክፍሊ ምምሕዳር ምጡን፤ አብ ገለ ክፍሊ ምምሕዳር ውሑድ፤ አብ ገለ ቦታ ድማ ጨሪሹ ማይ ከይሃረመ ዝሐልፈሉ ክራማት አብ ገጊዜኡ
ልሙድ ኢዩ። ኤርትራውያን ሐሮስቶትን ጓሶትን አብ ትውልዲ ዓዶም አብ ጊዜ ክረምቲ ማይ ከይሃረመ አብ ዝደርቀሉ እዋን ምእንቲ ሕርሻ፤ ጉስነትን ትውልዲ ዓዶም ገዲፎም አብ ውሽጢ ሃገር ብድርብ ወይ ድማ ብተነጽሎ አብቲ አኽዛ ዘለዎ ንሕርሻን ጉስነትን የገልግለና ኢዩ ዝበልዎ ነጻ ዝኾነ ቦታ መሪጾም ስድራ ቤትም (ቆልዓ ሰበይቲ) አብ ዓዶም ገዲፎም በብጊዜኡ እንዳተመላለሱ ይሰፍሩ ነይሮም። ድርቂ እንዳተናወሔ እንተኸይዱ ግን አብቲ ብሕርሻን ጉስነትን ዝዳህሰስዎ ቦታ ሐማም ዓሶ ወይ ለመምታዊ እንስሳ ከጥቂዑና አይክእሉንዮም ዝበልዎ ጊዜ ጠቕሊሎም ምስ ቆልዓ ሰበይቲ ዓዶም ገይሮም ይቕመጡ ነይሮም። ማይ አብ ትውልዲ ዓዶም አብ ዝሃረመሉ ጊዜ ድማ አብ ናይ ቀደሞም ቦታ ተመሊሾም መነባብሮኦም ከም ናይ ቀደሞም የካይዱ።

ህዝቢ ባዕሉ መነባብሮኡ ከጸብቕን ከመሐይሽን ኢሉ ንዝገብሮ ምንቅስቓሳትን ምልውዋጥን ንጥቕሙን ረብሐኡን ኢሉ ስለ ዝገብሮ ዘዋጽኦ ይፈልጥ ኢዩ። እዘን ኩለን ዓድታ ት አብ ውሽጢ ሃገር ዘለዋ ድማ በቶም ቅድም ዝደኮኑወን ሰባት ጥራይ አይኮናን ተሰሪተን ዘለዋ። እንታይድአ ህዝቢ በቲ በብጊዜኡ አብቲ ዝነብሩሉ ቦታታት ዘጋጥሞ ጸገማት፤ ሽግሩ ንምቕላል ካብ ክፍሊ ምምሕዳር አከለጉዛይ ንክፍሊ ምምሕዳር ሰምሃር፤ ካብ ክፍሊ ምምሕራር ሐማሴን ንክፍሊ ምምሕዳር ጋሽ፤ ካብ ክፍሊ ምምሕዳር ሰራየ ንክፍሊ ምምሕዳር ጋሽ ምእንቲ ሕርሻን ሳዕሪ ብላዕን ይስደድ ነይሩ፤ ከምኡውን ካብተን ካልኦት ክፍሊ ምምሕዳራት ኤርተራ ብተዛማዲ አገባብ ሰባት በብግዚኡ አብ ኩለን ክፍሊ ምምሕዳራትን ዓድታትን ሰለዝተሰዱ ኢዮም ወለዶታት እቶም ካብ ሐደ ክፍሊ ምምሕዳር ናብ ካልእ ክፍሊ ምምሕዳር ዝተሰዱ ብዛዕባ አመጻጽእኦምን ትውልዶምን ክገልጹ ከለዉ እቶም ንሰምሃር ዝተሰዱ ትውልድና ካብ ምምሕዳር አከለጉዛይ ዓዲ እገለ ይበሃል፤እቶም ንጋሽ ዝተሰዱ ድማ ትውልድና ካብ ክፍሊ ምምሕዳር ሐማሴን ዓዲ እገለ ካብ ክፍሊ ምምሕዳር ሰራየ ዓዲ እገለ ይብሃል ዝብሉ፤ ከምኡ’ውን ካብትን ካልኦት ክፍሊ ምምሕዳራት ዝተሰደዱ ሰባት ብተምሳሳሊ አገባብ ስደቶም መአስን ካበይን ከምዝኾነ አመጻጽአ ትውልዶም ዝትርኹ።

መሬት ናይ መንግስቲ ኢዩ ተባሂሉ ብአዋጅ ሕጊ አልቦ ዲክታቶርያዊ ስርዓት
ህ.ግ.ደ.ፍ. ካብ ዝእወጅ ግን እቲ አብ ዝጠዓሞን ዝለመዶን ንናብርኡ ማእሪሩ ንገዝኡ ጠቓምን አርባሕን ዝበሎ አቕሐ ጓቲቱ ዝአቱ ዝነበረ ወይ ድማ አብ ኩሉ ክፍሊ ምምሕ
ዳራት ሃገር ከም ድልየቱ አብ ዘርብሖ ነጻ ቦታ ተገማጢሉ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ሎሚ አብ ዘብሎ ጠፊኡዎ ኢዱ አጣሚሩ ተወዚ ከይብል ተኸልኪሉ አደዳ ጥምየት ኮይኑ አሎ።

መራሒ መላኺ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ነታ ክትወድቕ ደልያ ሰንከልከል ትብል ዘላ
ብዓልቲ ሐደ እግሪ ኩርሱ ንኸይትወድቕ ብምፍርራሕ ጠጠው ዘብላ መሺልዎ
ንመጋድልቱ፤ መሳርሕቱ፤ ጋዘጠኛታት ሃገር፤ ዓቦይቲ ሃገር ብምእሳር፤ ንምንእሰያት

ብሃገራዊ ኣገልግሎት ኣሳቢቡ ወተሃደር በምዕስካር፤ ንተመሃሮ ውድቀት ሃገር እንዳተ ዓዘቡ ትም ኢሎም ከምዘይርእዩ ሰለተረድኤ ንቁጽጽር ክጥዕሞ መአከቢ ካምቦታት ሰሪሑ ኣብ ሓደ ቦታ ምእካብ ጥራይ ከይኣኽሎ፤ ፈራሕ ብዙሕ በትሩ ከምዝበሃል ንኹሉ ወዲ ሃገር ኣብ ቁጽጽሩ ንምእታው፤ እነሆለ ሕጂ ድማ ህዝቢ ንምጽናትን መግለጺ ዋንነተ መሬት ንምድምሳስን ኣብ ምፍንቓል ዓድታት ኣትዩ ነቲ ብሕውነት፤ ብልምዲ፤ ብፍቕሪ ዝነብር ህዝቢ ንጥፍኣቱ ስለዝዓለመ ብዘይ ድልየቱን ፍቶቱን ዓዱ ለቒቑ ኣብ ጉጅለ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝመደበሉ ቦታ ተገዲዱ ክኸይድ ብኣዋጅ ይነግር ኣሎ።

መሬት ኤርትራ ተርእዮታት ድርቅን ጽምእን ካብ ዝጅምሮ ነዊሕ ዓመታት ኮይኑ ኢዩ፤ ስቡሕን ልሙዕን ንኹሉ ጊዜ ንሕርሻን ንጉስነትን ዘገልግል ፍሉይ መሬት ኣሎ ክትብል ውን ዘተኣማምን ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ ዝሐለፈ ዓመት ማይ ምህራም ሐሪሙዎ ዝነበረ ቦታ ኣብ ካልእ ዓመት ክሃርሞ ይርኤ፤ በንጻሩ ድማ እቲ ኣኸዛ ዝነበሮ መሬት
ማይ ምህራም ኣብይዎ ደሪቁ ክርኢ ህዝቢ ተመኩሮ ኣለዎ።

እንብኣርከስ መራሒ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ንሰላም ኣብ ህውከት ለዊጡ፤ ሕጊ ከልኪሉ፤ ፍትሒ ኣጥፊኡ፤ እቲ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወሰዶ ባዕላዊ ገበናት ምእኻል ስለ ዝኣበዮ ጥራይ ዘይኮነስ ኩሉ እከይ ተግባራቱ ምቁጽጻር ስለ ዝሰኣኖ፤ ዝፍጸሞ ዘበለ ኩሉ ስለ ዝጠፍኦን ዓድታት ናይ ጥንቲ ትውልዲ ዓደን ገዲፈን ኣብ ናይ ካልኦት ዓድታት መሬት ሰፊረን ምስቶም ናይ ቀደም ተቐማጠ፤ መሬትና፤ ሐሪሽና እንነብረሉ ኩሉ ወሲድኩሞ፤ ማይ ንሰትዮ ወዲእኩሙልና፤ ገረብና ቆሪጭኩም ኣብሪስኩሞ፤ ዕነጨይቲ ሐዊ ዝነድድ ስኢና ብምባል ኣብ መንባብሮኦም ተወዳደርቲ ስለዝኣተውዎም ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሐዲሽ ሰፋራይን ናይቀደም ተቐማጣይን ህዝቢ ስምምዕ ጠፊኡ ባእሲ ተፈጢሩ
ነንሕድሕዶም ምእንቲ ክቃተሉ ንሱ ድማ ኣብ ጥቓይ ጥራይ ኣይትቕረቡ ነዛ ሰንከልከ ል እትብል ዘላ በዓልቲ ሐንቲ እግሪ ኩርሰይ ኣይትተነክፍዋ እምበር ኣብ ነንሕድሕድኩ ምስ ከም ዓቕምኹም ኢሉ ኣማዕድዩ ክርኢ ዝፈጠሮ ሰላሕታዊ ሜላ ኢዩ።

ስለዚ ብመሰረቱ እቲ ጥፍኣት ነተን ክፈናቐላ መደብ ወጺኡለን ዘለዋ ዓድታት ጥራይ ዘይኮነስ፤ እዚ ሕማምዚ እንተጀሚሩ ኣብ ኩለን ዓድታት ክመሐላለፍ ስለ ዝኽእል ኩሉ ህዝቢ ደላይ ሰላምን ፍትሕን ኣብዘዘለዎ ንጸግዑ፤ ንኸውሉ፤ ዓይኑ እንዳረአየ እዝኑ እኑዳሰምዔ ትም ከይበለ ተቓውሞኡ ከርኢ ክኽእል ኣለዎ። ሽዑ ድማ ኢዮም እቶም ብጊዝያዊ ረብሐ ተታሊሎም ሕድሪ ጠሊሞም ንሕስረት ክብረት መሲልዎም ምስዚ ኣጥፋኢ ዓማጺ ናይ ሎም ሽፍታ ንሽጉርን ጥሙይን ህዝብና ንኸጥፍኦ ሐሶት ቃላት ጠላሊፉ ሓቂ ከምስል ሰዓብትን ደገፍትን ከጥሪ ሰምዑኒስምዑኒ ዝብል ዘሎ። ክቡር ህዝብና ክብረቱ ኣጽኒዑ ሒዙ ኣሎ፤ እቶም ኣፎም ቁኑዕ ቃል ከይዛረብ ጋእጋእ፤ ወታእታእ፤ ዓይኖም ኣተኩሩ ከይርኢ ደኒኖም ንሐቂ ቁልቁል ኣፉ ደፊኦም ደድሕሪ ጋኒን ዝዓሸሮ ሕልናኡ ዘጥፍኤ ሰብ፤ ዝጉተቱ ዘለዉ ጽባሕ ብሐይሊ ህዝቢ ምስ ተሳዕረ ሕብኡኒሕብኡኒ ክብል ከሎ እዞም ናይ ሎሚ ተጎተቲ ድማ ብግብሮም ኣብ ቕድሚ እቲ ጸግያምን ወገኖምን ዝኾነ ህዝቦም ክሐፍሩ ኢዮም።

ሰላምን ፍትሕን ብሐድነት ህዝቢ ክዕወት'ዩ፤
እሱራት ብርሃን ጸሐይ ክርእዩ ኢዮም፤
ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና፤

ገብረዝጊ ኣፈወርቂ
5 ሚያዝያ 2009